# ኣብ ዓለምና ከማና ዶ ይህሉ
# ጸሓይ ከይበረቀ ዝወግሓሉ
## ( ወዲ ትካቦ)

ብሚካኤል ኣጎስቲኖ/ጀርመን

28. ሓምለ 2008

ኣብ ዝሓለፈ ሰሞን ኣብ ሳዋ ወዲ ትካቦ ከምዚ ኢሉ ክደርፍ ሰማዕኩ፣“ኣብዛ ዓለምና ከማና ዶ ይህሉ ጸሓይ ከይበረቀ ዝወግሓሉ“ መስደመም እዩ ነገራቱ፣ ንመን ኢዩ ኸ እዚ ኹሉ? ነቶም ዕታሮ ዘይኮኑ ዓሳኽር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሰብ ጽሩራ ክኸዉን ኣሎዎ እንበር! ወይ ከአ ኒቲ ሓሙኽሽቲ መረጸን ወድዩ ኣብ ቂድሚ ወዲ ትካቦ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ንዕኡ ምሕኻስ እዩ ዝኾዉን፣
እንበር ህዝቢ ኤርትራ ደአ ብቀትሩ ዝጸልመቶ ዓለም ብዓለሙ ዝዛረበሉን ዝነግረሉን ጊዜ ዶ ኣይኮንናን ዘሎና፣

ንምዝካር ኣብ ጊዜ ሳዳም ሑሰን ሰራዊትኣመሪካ ሓደ ክፋል ናይ ከተማ ባግዳድ ምስ ተቛጻጸረ፣ ኣብቲ ጊዜ እቲ ናይ ሓበረታ ምኒስተር ዝነበረ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዜና ማዕከናት ዝፍኖ ዝነበረ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብዛ ከተማና ተንከስ ኢሎም ይርገጽዋ’ሞ ኣብዚ ከንትርፎም ኢና በለ፣ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ“ዉን ካብዚ ዝጠቀስክዎ ባህርያት ስለ ዘይፍለ ስጋዕ እታ ዕለተ ሞቱ ናይ ዜና ማዕከናቱ ናይ ሕሶት ፕሮፓጋንድኡ ከም ዝቅጽል ባህርያዊ ኢዩ፣ ኣብነት፣ ንእግረ መንገደይ ኣብዚ ትማሊ ዑዉት ሰላማዊ ሰልፊ ብዕለት 12.07.08 ብደረጃ ሃገረ ጀርመን ዝተገብረ ክጠቅስ፣

ሰልፈኛ እዚ ዘይባሃል ዕጥቂ ተሰሊፉ ዊዒሉ ክንሱ፣ እቲ ካብ ሃገረ ኤርትራ ወኪሉ ኣብቲ ፈስቲቫል ዝተኻፈለ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ከቛናጽብ ተሰምዔ፣ ክንደይ ዝኾኑ ኮይኖም፣ ሓምሳ ሰባት እንዳኣሎም ነይሮም በለ፣ የቀንየልና ሓምሳ ሰባት እዉን ደቂ ሃገር ኢዮም፣ ናይዚኦም ዓይኒ ኣንቁሪ ኢዩ፣ ፣

ንመን ከረድኡ ከም ምኻኑ’ዉን ይገርመካ፣ ማለት እቲ ናብ ፈስቲቫል ዝካፈል ዝነበረ ኤርትራዊ በቲ ሰላማዊ ሰልፊ ተሰሊፉሉ ዝነበረ ኢዮ ዝሓልፉ ዝነበረ፣ስለዚ ብዓይኑን ብእዝኑን ዝሰምዔን ዝራየን ኢዩ፣




ንባዕሉ እቲ ወኪል ተባሂሉ ካብ ኤርትራ ዝመጸ በቲ ሰልፈኛ ተሰሊፍዎ ዝነበረ ኢዩ ሓሊፉ. ስለዚ ቁጽሪ ሰልፈኛ’ዉን ምንጋር ኣይመድለየን፣ ግን ሓደ ስርዓት ናብ ዉድቀቱ ከምርሕ ከሎ ዝገብሮን ዝብሎን ኣይፈልጥን ስለ ዝኾነ፣ እንታይ ድኣ ነቲ ኣብ ፈስቲቫል ህግደፍ ዘይተኻፈለ ኣብ ርሑቅ ሃገር ዝርከብ ኤርትራዊ ንምድንጋር ኢሉ ዝግበር ናይ ዲክታተራዊ ስርዓት ሜላ ኢዩ፣ ኢዚ ግን መድረኹ ከም ዝሓለፈ ህግደፍ ዘንጊዖም ኣለዉ፣ እንባኣር ደርፊ ወዲ ትካቦ’ዉን እንተኾነ ነቲ ኣብ ዉሽጢ ዘሎ ህዝብና ዘይኮነ እንታይ ድኣ ነቲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ንምድንጋር ኢሉ ዝተደርፈ ኢዩ፣ማለት ሃገርና ጽቡቅ ኣሎ ኢዩ ዘስምዕ፣ ወይ ጉድ………… ህዝብና ድኣ እታ ሓዊ ባዕሉ ዝስሕና ስለ ዘሎ እንኳይ ክወግሓሉ ናይ ምዉጋሕ ኣንፈት ከም ዘይብሉ ኣዳዕዲዑ እኳ እዩ ዝፈልጥ፣ እሞ ህግደፋዉያን መሕጸሪ ዕድመኹም ከም ምኳኑ ክርድኣኩም ኣለዎ ፣

ብሓጺሩ ሰላማዊ ሰልፊ ዕዉት ኢዩ ነይሩ፣ እቲ ዝድለ መልእኽቲ'ዉን ኣማሓላሊፉ፣ ከምኡ'ዉን ኣዋዳድብኡ ጽፉፍ ኢዩ ነይሩ፣ ስለ ዝኾነ ገለ ካብ ሲቪካዊ ማሕበራትን ካብ ዉድባትን ናጻ ዝኮኑ ዉልቀሰባትን ኣዋጺኡ ሓንቲ ንጥፍቲ ፈዳይን መስሪቱ ናብቲ ፈስቲቫል ህግደፍ ዝኣትዉ ኤርትራዉያን ንነፍስወከፍ ተኻፋሊ ፈስቲቫል ብትግርኛን ብጀርመንን እንታይነት ህግደፍን ትርጉም ፈስቲቫላት ህግደፍን ዘቃልዕ ዓደሉ፣ ዓመጽ ህግደፍ ግን ከምቲ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ዝገብርዎ ኣብዝዉን ነቲ ዝተዓደልዎ ጽሑፋት ክሕድግዎም ዓይኒ ረኤየት፣ነዚ ምስ ረኣዩ ፈዳይንና ክንዲ ንነፍሰወከፍ ተኻፋላይ ፈስቲቫል ሓንቲ ዝዕድሉ ክልተ ገይሮም ክዕድሉ ጀመሩ እታ ሓንቲ ኣብ ጁባ ተኻፈልቲ ትኣቱ ኮይና እታ ካላኣይቲ ኻኣ ነቶም ካብ ብጾትና ብዕስራ መትሮ ዝፋላለዩ ዝነበሩ ጸጥታ ህግደፍ ከረክብዎም ተራእዩ፣ ድሕሪኡ ንፖሊስ ጀርመን ስለ ዝተሓበሩ ካብቲ ክርጻ ፈስቲቫል ንዉሽጢ ክኸዱ ኣገደድዎም፣ተወሳኺ፣ ሰልፈኛታት ብዓዉታ ዝመልኦ  ሞግልሒ ድምጺ ገይሮም ይጭድሩ ስለ ዝነበሩ ካብቲ ኣዳራሽ ፈስቲቫል ህግደፍ ንኸሰምዑ ናብ ሰልፈኛታት ብዝቀረቡ ባሓይሊ ናብቲ ኣድራሽ ክእትዉዎም ይግድድዎም'ዉን ዓይኒ ራየት፣  ስለዚ ህግደፍ ዓቅሉ ጸቢብዎ ቀልባዕባዕ ክብሉ ዉዒሎም፣ ኣብዚ ሰለስተ ሳዓት ዝገበርናላ ድልየት ህዝቢ ብማንም ትኣምር ክትዓግቶ ከም ዘይትኽእል ክንርዳእ'ዉን ኪኢልና ኢና፣ ሰልፈኛ እዉን እዚ ኢዩ ነይሩ ዕላምኡ፣

ስለዚ ወዲ ትካቦ ልቢ ዘየሰንዮ ፍሽኽታ ሪኢኻ ኣይትታለል፣

ሃገር ድኣ መከራአ ምጻሩ ሲኢናቶ
ነቲ ኩሉ ኣሪማ ዝአከበቶ
ኡሩሩ ኢላ ወልዊላ ዝዕብየቶ
ህግደፍ መጺኣ በታቲናቶ
ርእያ ሪማ ንምልዓሉ ስለ ዝሳኣነቶ
ተረሲዑ ድዩ እታ መከረኛ ወላዲት ዝሰሓነቶ
ዘክር'ሞ ወዲ ትካቦ ብሕልና ተመልከቶ
ቓል ሃገርካ ብዝያዳ ዝተገፍዓቶ
ዘይፍለጥ ኣቦኡ ዲቂ ዝሓዘቶ
ሓጻቢት ጀነራላት ዝኾነቶ
ነዚ ዲዩ ን 30 ዓመታት ዝተጋደለቶ
እወ ተጋሂሱ መሰላ ብሰንኪ ከንቶ መንቶ
መርወይ ፍሉይ ሲሚዒት መራሒት ሰራዊት ዝኾነቶ
ንጎሆ ወፊርካ ምሸት ንገዛኻ ካብ ዘይእቶ
ኣይፋልካን ወዲ ትካቦ
ኣብ ዓለምና ከማና ዶ ይህሉ
ጻሓይ በሪቃ ዝተሸርበትሉ

ዓወት ንህዝብና፣